## ኣዋሃሃዲ

እቲ ኣኼባ ዘዳሉን ንኣኼባ ዝጽውዕን ናይ ኣዋሃሃዲ ሓላፊ እዩ፡ እዚ እቲ ምስቲ ንስኻ ብዙሕ ርክብ ዘሎካ ሰብ ክኸውን ይኽእል ወይ ከኣ ሓደ ብዙሕ ትኣምኖ ሰብ ክኸውን ይኽእል፡ ኣብቲ ማእከል ጥዕና ኣቲ ሕክምና ወይ ምስቲ ብዛዕባ ክንክን ዝተሓባበረካ ሰብ SIP (ዝተዋሃሃደ ዉልቃዊ ዉጥን) ኢልካ ሕተት።

ዕማም ናይቲ ኣዋሃሃዲ ንስኻ ዝተዋሃሃደ ዉልቃዊ ዉጥን፣ SIP ክትረክብን ከምኡ ኸኣ ክካታተልዎን።

ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ኣዋሃሃዲ እቲ ምስቶም ናይ ክንክን፣ ክንክን ደገፍ ከምኡ ዉን ዉሃብቲ ክንክን ዝምልከቶም ሰራሕተኛታት ዘሎካ ርክብ ከም ተሪር ናይ ክንክን መራኸቢ ኮይኑ ክትሓበበርካ ይኽእል እዩ።

ንዝያዳ ሓበሬታ ንምምሕዳር ከተማኻ ማለት ኮምዩንካ ወይ ማእከል ጥዕና ተወከስ

ስርሒት

ትሓባባሪ

ቁጽሪ ተሌፎን

ኢ-መይል

Foto: Region Örebro län, mars 2024.

Region Örebro län

Postadress: Region Örebro län, Box 1613, 701 16 Örebro
E-post: regionen@regionorebrolan.se
Tel: 019-602 10 00, www.regionorebrolan.se

# ዝተዋሃሃደ ዉልቃዊ ዉጥን - SIP



ምስ ክንክንን ደገፍ ክንክንን ብዙሕ ርክባት ዘሎካ

Uppdaterad mars 2024

Region Örebro län

## ዝተዋሃሃደ ዉልቃዊ ዉጥን SIP

ካብ ዝተፈላለዩ ናይ ክንክን፣ ናይ ክንክን ደገፍ ከምኡ ዉን ናይ ክንክን ዉሃብቲ ጻዕርታት ዝግበርላካ እንተ ኾንካ እሞ ነዚ ዝተፈላለየ ጻዕርታት ዘዋሃህደልካ እንድሕሪ ደሊኻ ዘዋሃህደልካ ክትረክብ ዕድል ኣሎ።

እዚ ኣብቲ ናይ ዉልቃዊ ዉጥን ክግበረልካ ኸሎ ይግበር፡ እቲ ዉጥን ነቲ ምዉሃሃድ ከምሓይሽን ንዓኻን ንናይ ቀርባ ሰብካን ከምኡ ዉን ንናይ ሕክምናን ናይ ሕክምና ደገፍ ሰራሕተኛታትን ከምኡ ዉን ንናይ ዉሃብቲ ክንክን ሓፈሻዊ ስእሊ ንምሃብ እዩ፡ ምስኡ ብማዕረ ድማ ነቲ ንዓኻ ዘርኢ ጉዳይት ንዝኾነ ሕቶታት ዝያዳ ጽልዋ ክትገብርን ክትሳተፍን ዕድል ይህባካ።

## እቲ ኣገባብ ከም ዝስዕብ እዩ


ንስኻ ወይ ንምሳሌ ሰራሕተኛ ናይ ምምሕዳር ማለት ኮምዩን ወይ ዘባ ንዉህደት ተበግሶ ትወስዱ፡ መብዛሕቱ ግዜ እቲ ሰራሕተኛ እቲ ምዉህሃድ ክትግበር ሓላፍነት ይወስድ።

ብሓባር ኮንኩም ድማ እንታይ ክንክን ኣየናይ ደገፍ ከምኡ ዉን ኣየናይ ዉሃቢ ክንክን ከም ዘለካ መርሚርኩም ትርእዩ ከምኡ ኸኣ ኣየናይ ምዉህሃድ ከም ዘድልየካ ትርእዩ።

እቲ ናይ ምዉህሃድ ሓላፊ ንኹሎም ዝምልከቶም ኣኼባ ይጽዉዕ።

እቲ ኣኼባ ብዝተፈላለየ መንገዲ ክግበር ይከኣል ብሓባር ኮንኩም ድማ ኣየናይ እዩ እቲ ንዓኻ ብዝበለጸ ከርባሕካ ዝኽእል ትበጽሕዎ።

ኣብቲ ኣኼባ እንታይ እዩ እቲ ዘድልየካን ምስኡ ድማ ካብቶም ናይ ሕክምናን ናይ ሕክምና ደገፍትን ከምኡ ዉን ካብቶም ዉሃብቲ ክንክን ኣይናይን እንታይን ከም ዝገብሩ ትዝትይሉ።



## ቅድሚ እቲ ኣኼባ እዚ ዝስዕብ እንተ ሓሰብካሉ ጽቡቕ እዩ፥

- እቲ ግድን ዘድለይካ፣ እንታይ ትምነ ከምኡ ዉን ዘሎካ ትጽቢት?
- ከመይ ክኾነልካ ምደለኻ?
- ካብዚ ዘለኻዮ ኩነታት መበገሲ ብምግባር ንዓኻ እቲ ኣገዳሲ እንታይ እዩ?

## ስምምዕ

እቲ ኣብ መንጎ ምምሕዳርን ዞባን ንዝግበር ናይ ጥዕናኻ ሓበሬታን ድልየትን ምልዉዋጥ ናትካ ስምምዕ እንድሕሪ ሂብካ ጥራይ እዩ ዝግበር።

## እቲ ናትካ SIP ኣብዚ ትረኽቦ

ኣብቲ ኣኼባ ዝተሰማማዕክሙሉ ድሓር ከተንብበሉ ትኽእል ኣብ ትሕቲ Vårdplaner ዝብል ኣርእስቲ ኣብ 1177.se ኣብ ሓደ SIP ክስነድ እዩ።

እቲ ናትካ SIP ብትሕዝቶ ወረቐት ዉን ንገዛኻ ክሰደደልካ ይክኣል እዩ።

